# ምዕራፍ 7



# ገንዘብ

## 7.1 ምልውዋጥ ኣሃድ ገንዘብ

ሳናቲም ኢትዮጵያ

|  |  |  |  |  |  |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 ሳንቲም | 5 ሳንቲም | 10 ሳንቲም | 25 ሳንቲም | 50 ሳንቲም | 100 ሳንቲም /1 ብር/ |

ብር ኢትዮጵያ

|  |  |  |  |
|---|---|---|---|
| ብር 5 | ብር 10 | ብር 50 | ብር 100 |

**ንጥፈት 1**

1. ኣሃዳት ገንዘብ ኢትዮጵያ እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ተመያየጡ። ኣብ ሕድሕድ ኣሃድ ገንዘብ ዘሎ ርክብ ድማ በብተራ ግለፁ።

2. ነዞም ኣሃዳት ገንዘብ ናብቶም ተዋሂቦም ዘለዉ ኣሃዳት ኣሽርፉ።



1 ብር ሚኢቲ = _____ብር ሓምሳ



1 ብር ሓምሳ = _____ ብር ዓሰርተ



1ብር ሓሙሽተ = _____ ብር ሓደ



1ብር ሓደ = _____ 10 ሳንቲም

3. ሕሩይ ኣቡኡ ዝሃቡዎ 97 ሳንቲም ብሽምዚ ዝስዕብ ከሽርፍ ከምዝኽእል ሓሲቡ።



ናይ ሕሩይ 97 ሳንቲም፤ ብ25ሳ፣ 10ሳ፣ 5ሳ፣ ን 1ሳ ኣሃዳትን ብምጥቃም ክሽረፍ ከምዝከኣል ካልኦት መንገድታት ድለዩ።

**ኣብነት**



## መልመዲ 1

1. ኣብቲ ሰደቓ ተዋሂቦም ዘለዉ ኣሃዳት ገንዘብ ናብቶም ተሓቢሮም ዘለዉ ኣሃዳት ገንዘብ ኣሽርፉ።

ሀ.

| | | |
|---|---|---|
|  |  |  |
| ____  ብር | ____  ብር | ____  ብር |

ለ.

| | | |
|---|---|---|
|  |  |  |
|  ____ ሳንቲም |  ____ ሳንቲም |  ____ ሳንቲም |

ሐ.

| | | |
|---|---|---|
|  |  |  |
|  ____ ሳንቲም |  ____ ሳንቲም | ____  ሳንቲም |

2. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

   ሀ. ብር ሰለስተ ክንደይ 25 ሳንቲም ይኸውን?

   ለ. ብር 10 ክንደይ 50 ሳንቲም ይኸውን?

   ሐ. ብር 5 ክንደይ 10 ሳንቲም ይኸውን?

   መ. ብር 2 ክንደይ 5 ሳንቲም ይኸውን?

   *ረ. ብር 2ን ሓምሳ ሳንቲምን ክንደይ 25 ሳንቲም ይኸውን?

3. ንሕድሕድ ብር ምሽራፍ ዝከኣለሎም ክልተ ኣገባባት ድለዩ።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ሀ. | ብር 3 | ለ. | ብር 74 | ሐ. | 55 ሳ |
| መ. | 68 ሳ | ረ. | 26 ሳ | *ሰ. | ብር 1ን 25 ሳን |

## 7.2 ቃል ግድል ኣብ ገንዘብ

### ንጥፈት 2



መደምሰስ
30 ሳ


እርሳስ
ብር 1



ደፍተር
ብር 2ን 50 ሳ


እስክርቢቶ
ብር 1ን 80 ሳ


መቕረጺ
65 ሳ

1. ነዞም ዝስዕቡ ኣቕሑ ንምዕዳግ ዘድልየኩም መጠን ገንዘብ ኣስልሑ።

ሀ.



ለ.


ሐ.


መ.




ረ.



2. 1 ደፍተር፣ 1 እርሳስን 1 እስክርቢቶን እንተዓዲግኩም ክንደይ ብር ክትኸፍሉ ይግባእ?
3. 1 መደምሰስ፣ 1 መፅረቢ እርሳስን ሓደ እርሳስን እንተዓዲግኩም ክንደይ ብር ክትኸፍሉ ይግባእ?
4. ብር 5 እንተልዩኩም በዚ ብር እዚ ክትዕድጉዎም ትኽእሉ ዘርዝሩ፡
5. ኣደም ብር 2 ኣለዎ፡፡ ሓደ እስክርቢቶ እንተዓዲጉ ኣማልሱ ክንደይ እዩ?
6. ሓደ መደምሰስን ሓደ መፅረቢ እርሳስን ዓዲግኩም ብር 1 እንተኸፊልኩም ክንደይ ይምለሰልኩም?
7. ኣበበ 3 ሓምሳ ሳንቲምን፣ 5 ዓሰርተ ሳንቲምን 5 ሓሙሽተ ሳንቲምን ኣለዉዎ፡፡ ሓደ ደፍተር ንምዕዳግ ክንደይ ሳንቲም የድልዮ?

## መልመዲ 2

ኣብ ሓደ ሹቕ ማሕበር ሸመትቲ ዝርዝር ዋጋ ኣትክልቲ ብኽምዚ ዝስዕብ ተፃሒፉ ኣሎ፡፡

1. ዋጋ 2 ኪሎግራም ኮሚደረ ክንደይ እዩ?
2. 1ኪ.ግ ድንሽን 1ኪ.ግ ሽጉርትን እንተዓዲግኩም ክንደይ ብር ትኸፍሉ?
3. ዋጋ 1ኪ.ግ ኮሚደረ፣ 1ኪ.ግ ድንሽን 1ኪ.ግ ጉዕን ክንደይ እዩ?
4. ዋጋ 1ኪ.ግ ሽጉርትን 1ኪ.ግ ጉዕን ክንደይ እዩ?
5. ፍርቂ ኪ.ግ. ድንሽ እንተዓዲግኩም ክንደይ ትኸፍሉ?

| ዓይነት ኣትክልቲ | ዋጋ 1ኪሎግራም |
|---|---|
|  | ብር 5 |
|  | ብር 4 |
|  | ብር 6ን 50ሳ |
|  | ብር 1ን 25ሳ |

6. ዑስማን ብር 1 ኣለዎ። ብ 78 ሳንቲም ቆሎ እንተዓዲጉ ክንደይ ሳንቲም ይተርፎ?

7. ተስፋይ 3 ዕስራን ሓሙሽተን ሳናቲም ኣለዎ። ብ60 ሳንቲም ጫምኡ እንተኣውዒሉዎ ክንደይ ሳንቲም ይተርፎ?

8. ስምረት ዲቪዛ ቤት ትምህርቲ ክተስፊ ኣቦኣ ብር 100 ሂቦምዋ። ሰፋዪ ክዳን ዋጋ መስፈዩን ጨርቅን ንቐምሽ ብር 48፣ ንሽሚዝ ድማ ብር 25 እንተኽፊሉዋ ኣማልሳ ክንደይ ብር እዩ?

9. ገብረኣብ 3 ዕስራን ሓሙሽተን ሳንቲምን 2 ሓምሳ ሳንቲምን ኣለዎ። ብብር 1ን 50 ሳንቲምን ደፍተር እንተዓዲጉ ኣማልሱ ክንደይ እዩ?

© MoE, FDR Eth
Not to be republi